# ፓስፖርት ንምውጻእ ዘድሊ ቅጥዕታት

- ነብስ-ወከፍ ዜጋ ሓድሽ ፓስፖርት ንምሕታት ናብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ቆንስላዊ ጉዳያት ብኣካል ብቐጻሪ ይመጽእ።

- ኣብ ፓስፖርት ኪዉሰኹ ዝሕተተሎም ተሰነይቲ ትሕቲ 10 ዕድመ'ውን ብኣካል ይቐርቡ። ኣብ ሓደ ፓስፖርት ካብ 3 ተሰነይቲ ንላዕሊ ምዉሳኽ ኣይፍቀድን።

- ወለዶም ዜግነታዊ ወረቐት መንነት ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ፓስፖርት ኣይፍቀዶምን።

- ፓስፖርት ዘውጽእ ብቆጸራ ይመጽእ፡ ዝኸፈሎ ገንዘብ ኣብ ሕሳብና ምስ ኣተወ ጥራይ ፎርም ይመልእ።

## <u>ዝጥለብ ሰነዳት እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-</u>

- ኤርትራዊ ወረቐት መንነት original ከምኡ'ውን ቅዳሕ፡
- Person Bevis፡ ቅዳሕ ፓስፖርት ሽወደን፡
- ዜጋ ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ናይ ኤርትራ ፓስፖርት ንመረጋገጺ ይቐርብ፡
- ስእሊ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዝተሳእለ ኣርባዕተ (35 X 45 ሚ/ሜ) ዓቐን ዘለዎ ኮይኑ፡ ብቐጥታ ናብ ካመራ ዝጠመተን ምሉእ ገጽን እዝንኻ ዘርኢ፡ ምስሓቕ ኣይፍቀድን ኢዩ፡
- ኣብ ፓስፖርት ዝውሰኹ ትሕተ-ዕድመ (Familj Person Bevis)፡ ንነብስ-ወከፎም ኣርባዕተ 35 X 45 ሚ/ሜ ናይ ፓስፖርት ዓቐን ዘለዎ ስእልን የድሊ፡
- ዝኸፈለሉ ቅብሊት ኣብ ቆጸራ የቕርብ፡
- ግቡኣት መሕወይ ግብሪን ካልእን ኪማላእ ኣለዎ፡
- ፓስፖርት ዘጥፍአ፡ መረጋገጺ ሰነድ ካብ ፖሊስ የቕርብ፡
- *ስምን ዕለት ልደትን ቦት ልደትን ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን።*

# ፓስፖርት ንምውጻእ ዝሕተት ክፍሊት

| ዓይነት ኣገልግሎት | ምድብ | ሽወደን | ኖርወይ | ፊንላንድ | ደንማርክ |
|---|---|---|---|---|---|
| | | ክሮኖር SEK | ክሮኖር NOK | ክሮኖር SEK | ክሮኖር DKK |
| ሓድሽ ፓስፖርት ወይ መተካእታ ንዝወደቐ ፓስፖርት | ዓበይቲ | 1800 | 1600 | 1800 | 1500 |
| ሓድሽ ፓስፖርት ወይ መተካእታ ንዝወደቐ ፓስፖርት | ትሕተ ዕድመ | 1350 | 1250 | 1350 | 1200 |
| መተካእታ ንዝጠፍአ ፓስፖርት | ዓበይቲ | 2250 | 2100 | 2250 | 1900 |
| መተካእታ ንዝጠፍአ ፓስፖርት | ትሕተ ዕድመ | 1800 | 1600 | 1800 | 1500 |
| ምንዋሕ ፓስፖርት ንተወሳኺ 5 ዓመታት | ዓበይቲ | 900 | 900 | 900 | 750 |
| ምንዋሕ ፓስፖርት ንተወሳኺ 5 ዓመታት | ትሕተ ዕድመ | 680 | 620 | 680 | 570 |
| ምስ ወላዲ ኣብ ፓስፖርት ዝኣትዉ ተሰነይቲ | ትሕተ ዕድመ | 270 | 250 | 270 | 230 |

- *ካብ ስቶክሆልም ወጻኢ ንዝቕመጡ 100 ክሮኖር ፖስታ መልእኺ ተወሳኺ ይኽፍሉ።*

## ቁጽሪ ሕሳብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ

| | | |
|---|---|---|
| SWEDEN | 172569-6 | Plusgiro- Nordea |
| FINLAND | 172569-6 | Plusgiro- Nordea |
| NORWAY | 50100634357 | DNB Bank |
| DENMARK | 4001- 60072124 | Dansk Bank |